ኣዳለውቲ፥ ደሳለ በረኸትን ሳባ ኪዳነን

ቃለ መሕትት ምስ ድምጻዊ ታረቀ ተስፋሂወት

1ይን 2ይን ክፋል April 19, 2014

"ስነ-ጥበባዊ ተጐታቲ ዘይኮነስ ቀላሲ ሕብረተሰብ እዩ ክኸውን ዘለዎ!"

ድምጻዊ ታረቀ

ተስፋሂወት

ነቲ ቃለ-መሕተት ቅድሚ ምክያድና፡ ብዛዕባ ድምጻዊ ታረቀ ተስፋሂወት ሓበሬታ ክንረክብ ነበረና። ምስ ገለ ካብ ፈለጥቱ ድማ ኣዕለልና። ገሊኣቶም ዝሃቡና ምላሽ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ነበረ፤ "ታረቀ ድኣ ሓይሉ ኣብ ደርፊ እዩ፤ ኣብ ዘረባስ ብዙሕ ኣይኮነን" በሉና። እቲ ሓቂ ግን ኣይከምቲ ዝተባህለናን። ሓቂ እዩ፤ ታረቀ ካብ ምዝራብ ምስማዕ ዘቐድም ብልሂ ሰብ እዩ። ብዛዕባ እንታይ ትሓቶ ምህላውካ ከየረጋገጸ ንመልሲ ኣይህወኽን። መርኣያ ብስለትን ልቦናን እዩ። ነቲ "ዘረባ ክትለምድ ህ. .ን ልመድ!" ዝብል ፈሊጥ ዘረጋግጽ እውን እዩ። ብተወሳኺ፡ "እዚኣስ ኣይፋለይን፤ ክምልሳ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን!" ዝበለና ሕቶ ኣይነበሮን። ግልጽነቱን ትሕትንኡን ዓቢ ተምሳጥ ኣሕደረልና።

ንሓንቲ ካብተን ሕቶታትና - ተማቲእናላ ነበርና። ኩነታቱ ርኢና ግን ኣቕረብናሉ።

ሕቶ፡ "ነቲ፡ ነታ ብርሃን ኣዕንትኻ ዘጥፈኤት ፈንጂ ዝተኸለ ሰብ እንተ ትረኽቦስ እንታይ ምበልካዮ?"

መልሲ ታረቀ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ፤

"ሓንቲ ካብዘን ዝፈትወን 'ሲዲታተይ' ምሃብክዎ!" በለና። ቀጺሉ ድማ፤ "ኣነ ተኸታሊ መጽሓፍ ቁዱስ እየ። ሕድገትን ይቕረ-ምባልን ድማ ዋላ ብባህልና እውን ቅዱስ ነገር እዩ። ንኣብነት ኣብ ወንጌል ማቴዎስ፡ ምዕራፍ 18፡ ፍቕዲ 21-22 እዚ ዝስዕብ ነንብብ፥

"ሽው ጴጥሮስ ቅርብ ኢሉ 'ጎይታይ! ሓወይ እንተ በደለንስ ክንደይ ሳዕ ይቕረ ክብለሉ? ክሳዕ ሾብዓተ ዶ?' በሎ፣ ኢየሱስ ድማ 'ሾብዓተ ሳዕ ሰብዓ ደኣ እምበር ክሳዕ ሾብዓተ ኣይብለካን' በሎ"

"እዚ እቲ ቁዱስ መጽሓፍ ዝብለና እዩ። እቶም ንነብስና ከም ክርስትያን እንሓስባ ደኣ'ሞ ነሕዋትና ክንደይ ግዜ ኢና እቕረ ኢልናሎም እንፈልጥ?!" ኢሉ ተመሊሱ ንዓና ብሕቶ ኣዋጠረና።

እዚ ነዊሕ ቃለ-መጠይቕ፤ ዓርቢ-ስቕለት መዓልቲ ኢና ኣካዪድናዮ። ታረቀ ድማ ክሳብ ሰዓት 7 ምሸት ኮይኑ ዝሰዓር፤ ማይ ቀጣን ከይጐርደዐ ብጽውሙ ኢዩ ኣዕሊሉና።

ገለ ካብቶም ብወገና ኣቐሪብናሉ ዘለና ሕቶታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

1. ብልምዲ ናይ ዓይኒ-ፍቕሪ (Sight love) ንብል ኢና። ኣብ ዓይነ-ስውራንከ ‘ናይ እዝኒ-ፍቕሪ’ ክንብል ንኽእልዶ?

2. ሞያኻን ስንክልናኻን ምትእስሳር ኣለዎዶ? ማለት ዓይነ-ስውር እንተዘይትነብር ደራፋይ ምኾንካዶ?

3. ታረቀ ምስ በዓልቲ-ቤቱ ኣይተቓደወን፣ እንኮላይ ተፋቲሑ ዝበሃል ዘረባታት ኣሎ። ሓቂነቱ ክሳብ ክንደይ እዩ?

4. ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝነበረ ጸገማት ‘ሳንሱር’ ፍሉጥ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚኸ?

5. “ንሃገረይ ናፊቐያ” ኢልካ ምስ ደረፍካ መንግስቱ ሃይለማርያም “መልሓስካ ክቖርጸካ እየ!” ኢሉካ ነይሩ ይበሃል። ሓቅነት ዘለዎ ዘረባ ድዩ?

6. ኣብ ህይወትካ፡ ጽዒርካ ዘይተዓወትካሉን ብኣንጻሩ ኸኣ ከይጸዓርካ ዝሰለጠካ ፍቕሪ ኣሎ ዶ?

7. ንሕና ደርፍታትካ ንሰምዕ ንስኻኸ ናይ መን ትሰምዕ?

* * *

ሕቶ፥ እሞ ብሌላ ዶ ክንጅምር። እስከ ኣሕጽር ኣቢልካ ምስ ገዛእ-ርእስኻ ኣላሊየና።

ታረቀ፤ ታረቀ ተስፋሂወት እብሃል። ኣብ 1965 ኣብ ኣርባዕተ-ኣስመራ ተወሊደ - ዓብየ። ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፤ ኣብ ቤት ትምህርቲ ‘4-ኣስመራ’ ምህሮ ጀሚረ። ካልኣይ ክፍሊ ምስ ወዳእኩ ግን፡ ምስቲ ዝነበረ ሕንፍሽፍሽ ናይ መግዛእቲ፥ ስድራ ንኽሕግዝ ኣብ ማሕረስ ተዋፊረ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለኹ ከኣ እየ፤ ኣብ 1977 ናይ ፈንጂ ሓደጋ ገጢሙኒ። ብርሃን ክልተ ኣዒንተይ ከኣ ስኢነ። ብድሕሪ’ዚ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ-ስውራን ኣብርሃ ባህታ ክሳብ 6ይ ክፍሊ ተማሂረ። ድሕሪኡ እውን ክሳብ 12 ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን ቀጺለ። ወዲ 14 ዓመት ከለኹ ክራር ክኢለ። ኣብ 17 ዓመት ዕድመይ ከኣ፤ ኣብ 1983 “ንሃገረይ ናፊቐያ” ብእትብል ካሴተይ ምስ ህዝቢ ተላሊየ። ኣብዚ ግዜ እዚ ድሮ 13 ካሴታት ናብ ህዝቢ ዘርግሔ ኣለኹ። በዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ቈልዑን ድማ እየ።

ሕቶ፤ ቁሩብ ፍልይ ብዝበለት ሕቶ ክንጅምር፤ “ታረቀ ምስ በዓልቲ ቤቱ ኣብ ቤት ፍርዲ እዩ ዝውዕል ዘሎ!” ዝብል ዘረባ ሰሚዕና እሞ ሓቅነቱ ከተረጋግጸልና ደሊና።

ታረቀ፤ ሓቂ እዩ።

ሕቶ፤ ሓቂ ማለት እንታይ ማለት እዩ፥ ተፋቲሕኩም . . . ?!

ታረቀ፤ “ቤት ፍርዲ ትውዕሉ ነይርኩም” ዶ ኣይኮንኩምን ዝበልኩምኒ ግዲ? . . . ሰብ ሓዳር ከፋትሑ ጥራይ ድዮም ንቤት ፍርዲ ዝኸዱ? ንኻልእ ጉዳያትካ ከተሳልጥ ከ ንቤት ፍርዲ ኣይከየድን ድዩ?!

ሕቶ፤ እሞ ንኻልእ ዋኒን ኢና ኸድና ዲኻ ትብለና ዘለኻስ . . .?

ታረቀ፤ እወ። ብዝኾነ ግን፡ እዚኣ ሕቶ እዚኣ ብምሕታትኩም ብፍሉይ ከመስግነኩም እደሊ። ኣብ ከተማ ጁባ እውን ከቃናጠውለይ ከም ዝቐነዩ ፈሊጠ ኣለኹ። ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ እውን ርኢኽምዎ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ናይ ልዕሊ 30 ዓመት ተመኩሮ ሞያይ፤ ንመጀመርያ ግዜ ምስ ሓደ ካሴት ዝዘርጋሓለይ ተሰሓሒብና ነይርና። ናብ ቤት ፍርዲ ድማ በጺሕና ነይርና። ሓዋ ንትዕግስቲ በዓልቲ ቤተይ /ዞማይ/ እውን ምሳና ነይሩ። ኣብዚ ቤት ፍርዲ ዝረኣዩና ሰባት ከኣ፡ “ታረቀ ምስ በዓልቲ ቤቱ ኣብ ቤት ፍርዲ ላ. . .ል ክብል ይውዕል ኣሎ!” ክብሉ ጀሚሮም። ኣነ ግን እመስገን ኣምላኽ ኣብ ሚሙቕ ሓዳረይን ምስ ፍቱዋት ደቀይን እየ ዘለኹ። ሰብ ግን፡ እዚ ንዘረባ ብእድያቱ ሒዝካ ምጉታት እንተዝገድፎ ጽቡቕ ነይሩ። ኣረጋጊጽካ ምዝራብ ዝመስልዎ የለን።

ሕቶ፤ ኣርባዕተ ቈልዑ ከም ዘለውኻ ሓቢርካና። ገለ ስነ-ጥበባውያን ከኣ ንደቆም ፍሉይ ኣስማት የውጽእሎም እዮም። ንኣብነት፥ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ድምጻዊ በረኸት መንግስትኣብ ረኺብናዮ ነይርና። እቶም ኣብ ገድሊ ዝተወልዱ ክልተ ደቁ ጀብሃን ሰልፍን ከም ዝበሃሉ ሓቢሩና ነይሩ። ደቂ ድምጻዊ የማነ ባርያ እውን ፍልይ ዝበለ ኣጸዋውዓ ኣለዎም፤ መንከም፡ ሰነድ፡ ዘመን ይበሃሉ። ኣስማት ደቅኻ ኸ?

ታረቀ፤ በኹሪ ወደይ፡ ኖበልኣብ ይበሃል። ድሕሪኡ፥ ነምሮድ፡ ኤልያም ከምኡ እውን ብሌን። ኣስማት ናይ እቶም ሰለስተ ቀዳሞት ደቀይ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተወስደ እዩ። ብሌን ግን ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ተመንያ ዘውጽኣትላ ስም እያ። ንሱ ድማ ንብሌን ዓይነይ ማለት እዩ።

ሕቶ፤ ዝበዝሑ ካብ ዓበይቲ ደረፍቲ ሃገርና ኣብ ሞይኦም ብስድራ-ቤቶም ኣወንታዊ ተቐባልነት ይረኽቡ ኣይነበሩን። ገሊኦም እውን ክራሮም ኣብ ኣራእሶም ዝተሰብረሎም ኣለዉ። ናትካ ተመኩሮ ኣብዚ ጉዳይ እንታይ ይመስል?

ታረቀ፤ ተመኩሮይ ብኣንጻር እዚ ዝበልክምዎ እዩ። ሓደጋ ኣጋጢሙኒ ብርሃን ኣዕንተይ ምስ ሰኣንኩ፤ ከይጽምወኒ ብምባል ወላዲኤይ ባዕሉ እዩ ክራር ዓዲጉ ኣምጺኡለይ። ስለዝስ ኣብ ርእሰይ ይኹን ኣብ ካልእ ኣካለይ ዝተሰብረት ክራር ኣይነበረትን።

ሕቶ፤ ከይጽምወካ ኢሉ ጥራይ ድዩስ እንኮላይ በቲ ሞያ ዓቢኻ - ክትናባበረሉ እውን ይሓስብ ስለዝነበረ እዩ ወላዲኻ ክራር ከምጽኣልካ ዝኻኣለ? መዓስከ እዩ ነይሩ እቲ ግዜ?

ታረቀ፤ ኣብ 1979 እዩ ነይሩ። ወዲ 14 ዓመት ድማ እየ ነይረ። ኣብቲ ግዜ እቲ እኳ ደርፊ ከም ሞያ ዝረኣየሉ መዋእል ኣይነበረን። ደራፋይ ከም ሓሜንን ኣዝማርን ተባሂሉ እዩ ዝቋናጸብ ነይሩ። ኮይኑ ግን፡ ወላዲኤይ ንባዕሉ ንፉዕ ተጻዋታይ እምብልታን ሻምብቆን - ከምኡ እውን ወቓዕ ከበሮን ሳዕሳዕን እዩ ነይሩ። ወላዲተይ እውን ብተመሳሳሊ ወናም እያ ነይራ። ናቶም እውን ወሪሰ ክኸውን እኽእል እየ። እንተኾነ ግን፡ ንወኒ እምበር

ንገንዘብ ኢሎም ዝገብርዎ ኣይነበረን። ኣቦይ እውን ንኸይጽምወኒ እምበር ደሪፈ ክነብር ሓሳብ ክነብሮ ኣይክእልን እዩ።

ሕቶ፤ እሞ ተራ ናይ'ዛ ክራር ናብ ስነ-ጥበብ ንኽትኣቱ ክሳብ ክንደይ ነይሩ? ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ወላዲኻ እዛ ክራር እንተ ዘየምጸኣልካስ ናብዚ ሞያ ምኣቶኻ ዶ?

ታረቀ፤ ንኽገርመኩም ብርግጽ ምኣቶኹ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ-ስውራን ኣብርሃ ባህታ ክራር ነይረን እየን። ከምኡ እውን ሃሪሞሚካ ነይራ። ንዕኣ እውን ድሕሪ ክራር መሊኸያ ነይረ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ክለባት ድራማ፡ ሙዚቃ፡ ድርሰትን ስፖርትን እውን ነይሮምና እዮም። ኣነ ድማ ኣባል ክለብ ሙዚቃ እየ ነይረ። እቲ ዝንባለ እውን ኣብ ውሽጠይ ስለ ዝነበረንስ ምኣቶኹ ነይረ እየ ዝብል።

ሕቶ፤ ንምዃኑ ስንክልናን ስነ-ጥበብን ምትእስሳር ኣለዎም ድዩ? ንኣብነት፤ ዜናዊ ስዩምን ፍዮሪ ብርሃነን ክልተ ድርብ ስንክልና ማለት ዓይነ-ስውራንን ጽሙማንን እዮም። በተን ዝተረፋ 3 ህዋሳቶም ግን ወሰደ-ዘበሉ ገጠምቲ እዮም። ብተመሳሳሊ ከም በዓል ነፍስሄር ጸጋይ ምስግና፡ ሙሴን ጋዜጠኛ ቴድሮስ ማሪቆስን እውን ነይሮም። ስለዝስ ብዛዕባ እዚ እንታይ ትብለና?

ታረቀ፤ ዓይነ-ስውር ስለ ዝኾንካስ ስነ-ጥበባዊ ንኽትከውን ውሕስነት ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ከምኡ ዝበሃል 'ሎጂክ' ዘሎ ኣይመስለንን። ኮይኑ ግን፡ ብሰንኪ ስንክልናኻ ኣብ ከም በዓል ስፖርትን ካልኦት ዓውድታት ስራሕን ንኽትሳተፍ ስለ ትጽገም፡ ናብዚ ዓውዲ ስነ-ጥበብ ዝያዳ ኣተኩሮ ክህልወካ ይኽእል እዩ። ስነ-ጥበብ ድማ ዝንባለን ስራሕን እምበር ብባጅላ ጥራይ ዝእቶ ሞያ ኣይኮነን።

ሕቶ፤ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ እዚ ሓደጋ እንተ ዘየጋጥመካስ ናብዚ ዘለኻዮ ሞያ ምኣቶኻ ዶ? ማለት ስንክልናኻ ናብ ዓውዲ ስነ-ጥበብ ንኽትኣቱ ምኽንያት ኮይኑኳ ክንብል ንኽእል ዶ? ብዘይ ስንክልና እንተንሓስብ እንታይ ዝመስል ታረቀ ምሃለወና?

ታረቀ፤ እቲ ዝገርም ትማሊ ምሉእ ለይቲ ከምኡ ኢልና ከነዕልል ሓዲርና። ልክዕ እዛ ሕቶ እዚ መጺኣ ነይራ። ብዙሕ ግዜ ከምኡታት ንብል እንዲና፤ እቲ ጸገም ግን ኣበይ ከድና ኢና እሞ ርግጸኛታት ክንከውን? ንኣብነት ወዲ ኬንካ ተፈጢርካ እንከለኻስ ጓል ኮይነ ተፈጢረ ነይረ እንተዝኸውን ከ ትብል። ኤርትራዊ ኬንካ ተፈጢርካ ከንስኻ ድማ ኣሜርካዊ ኮይነ ተፈጢረ እንተዝነብር ከ ትብል። እቲ ጉዳይ ተወዲኡ እዩ። 'እንተ' ኢልካ ምንም ትቕይሮ ነገር የብልካን። ግን ኣብተን ጥዑያት ኣዒንቲ ዝነበራኒ ግዜ ጸወታ ኩዕሶ ብጣዕሚ እየ ዝፈቱ ነይረ። ብዙሕ ኣካላዊ ዓቕሚ እኳ ኣይነበረንን። ግን ኣብ ናይ መሳቶይ ተሰሊፈ እጻወት ነይረ እየ። ስለዝስ ንቓዕ ተጻዋታይ ኩዕሶ ምኾንኩ ነይረ ኢለ እሓስብ።

. . . ክሳብ ሕጂ እውን ብስሩዕ ኩዕሶ እከታተል እየ። ሓያል ደጋፊ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ከኣ እየ። ካብ ምሒር ምክትታል ዝተላዕለ እውን 'ኮሞንታተር' ናይ ምዃን ብቕዓት ኣለኒ።

ሕቶ፤ ንምዃኑ መራኸቢ ብዙሓን ሃገርና ዓይነ-ስውራን ንኽካታተልዎም ምቹኣት ዶ? ንኣብነት ሓያል ኢትዮጵያዊ ጋዜጠኛ ደምሴ ዳምጤ ኣብ ሬድዮ ኣዲስ ኣበባ እቶም ዓይነ-ስውራን ከይተረፉ 'ክርእይዎ' ክሳብ

ዝኸእሉ ገይሩ ንመደባት ስፖርት ዘመሓላልፍ ምንባሩ ይፍለጥ። ከምዚ ዓይነት ልምዲ ዘጥረዩ ጋዜጠኛታት ከ ኣለውና ዶ ኣብ ሃገርና?

ታረቀ፤ ብሓፈሻ ኣነ ሓያል ተኻታታላይ ብዙሓት ሬድዮታት ዓለም እየ። ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት፥ ንሬድዮታት ዶቼ-ቬለ ናይ ጀርመን፡ ቪኦኤ- ኣመሪካ፥ ቢቢሲ፥ ኢንተርናሽናል ሬድዮ ሆላንድን ካልኦትን ተኻታቲለ እሰምዕ እየ። እዚ ዝጠቐስካዮ ኢትዮጵያዊ ጋዜጠኛ ደምሴ ዳምጤ ድማ ሓደ ካብቶም ዝከታተሎም ዝነበርኩ እዩ። ደምሴ ንዓይነ-ስውራን ጥራይ ዘይኮነ ዋላ እቶም ተለብዥን ዝርእዩ እውን ቲቪ ገዲፎም ንዕኡ ብሬድዮ ምክትታትል ይመርጹ ነይሮም። ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ተመኩሮ ዝነበሮ እዩ። ስምዒት ድማ ነይርዎ። ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ ሒዙ ንኦሎምፒክ ምስ ከደ፡ ኩሉ ግዜ ባንዴራ ኢትዮጵያ ክትስቀል እንከላ ጭጭ ኢሉ እዩ ዝበኪ ነይሩ።

ኣብ ኤርትራ፡ ልክዕ ብኸምዚ ዓይነት ብቕዓት ዝሰርሑ ጋዜጠኛታት ስፖርት ዛጊት ኣየፍረናን። ሰለሞን ኣበራ ንፉዕ ነይሩ፤ ከምኡ እውን ሳምሶን ሃይለ። ኮይኑ ግን፡ ኣከታቲሎም ንነዊሕ ዓመታት ስለ ዘይሰርሕሉ እዩ መስለኒ፥ ዛጊት ናብቲ ዝድለ ብቕዓት በጺሕና ኢና ዝብል ግምት የብለይን።

ሕቶ፤ ንምዃኑ ነዘን ዝጠቐስካየን ሬድዮታት ሞያኻ ንኽተዕቢ ዲኻ ትከታተለን-ሲ?

ታረቀ፤ ኣይፋለይን። ኣነ ከምዞም 24 ሰዓታት ኣብ ሞይኦም ተጸሚዶም ዝውዕሉ ኣይኮነኩን። ካልእ ዝዓበየ ማሕበራዊ ህይወት ኣለኒ።

ሕቶ፤ ኣብታ ቦኽሪ ካሴትካ “ንሃገረይ ናፊቐያ” ኢልካ ደሪፍካ ነይርካ። ንምዃኑ እታ ‘ሃገረይ’ ትብላ ብርግጽ ኤርትራ ድያስ ዋላ ከምዚ ብዘልማድ ነታ ናይ ትውልዲ ዓድና “ሃገርና” እንብሎ እዩ? ንኤርትራ እንተኾይኑ ኸ ኣብቲ ግዜ እቲ ክንድኡ ዝኣክል ንቕሓት ብኸመይ ዘጥረኻዮ እዩ ነይሩ?

ታረቀ፤ ንኤርትራ ማለተይ እዩ ነይሩ። ዓደይ እንተኾይኑ ‘4-ኣስመራ’ እዩ። ‘4-ኣስመራ’ ኢለ ድማ ደሪፈ ኣይፈልጥን እየ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ብዙሕ ጽልዋ እዩ ነይሩ። ቅድሚ ምጅማር ድምጺ ሓፋሽ፡ ኣብ 1978 ሓንቲ ካብ ባቕዳድ ማለት ዒራቕ እትፍኖ ናይ ተሓኤ - ጀብሃ ሬድዮ ነይራ። ብዛዕባ እዛ ሬድዮ ብዙሓት ዝፈልጡ የለዉን። ካብ ሰዓት 6 ናይ ምሸት ክሳብ 6ን ፈረቓን ብዓረብን ትግርኛን እያ ትፍኑ ነይራ። ነናይ ርብዒ ሰዓት ብትግርኛ ጀሚራ ብዓረብ ትቐጽል ነይራ። ሓደ ጺጋይ ዝተባህለ ሙዚቀኛ ጥራይ ረኺበ ኣለኹ ብዛዕብኡ ዝፈልጥ ሰብ። እቲ ኣብኣ ዝነበረ ጋዜጠኛ እውን ንጉሰ እዩ ነይሩ ሽሙ ኢሎምኒ። ስለዝስ በዝን ወዲ ኽምዝን እቲ ኣፍልጦ ካብ ወዲ 13 ዓመት ኣትሒዘ ነይሩኒ እዩ። ‘ዶቾቨለ’ እውን እንተኾነ ካብ ሽዑኡ ኣትሒዘ ክሳብ ሕጂ ተኻታታላይ እየ። ኣብ ኩለን እተን ዝቐጸላ ካሴታተይ እውን ንሃገር ዝምልከት ደሪፈ እየ።

ሕቶ፤ ጉዳይ ሳንሱርከ?

ታረቀ፤ ሳንሱር ድኣ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ። ኩሉ ግዜ እናተቓለስካ እዩ። ገለ ግዜ ድማ እቶም ዝዝርጉሕልካ ቤት ሙዚቃ ብላዕ ሂቦም ዘሕልፍዎ ኣሎ። ንኣብነት ነዛ ንዛረበላ ዘለና በኹሪ ካሴተይ ንኽቕበሉኒ ዓመት ከም ሓንቲ መዓልቲ ክመላለስ ነይሩኒ። ኣብዚ፡ ኣብ ምሉእ ህይወተይ ዘይርስዖ ዮሴፍ ተስፋይ ዝተባህለ ህጻን እዩ

ዝሕግዜኒ ነይሩ። ካባይ ከይተፈልየ ንልዕሊ ዓመት ናብ ክፍሊ ሳንሱር ተመላሊስና። ናይዚ ሰብ እዚ ተራ ኣብ ምቕያር ህይወተይ ብፍሉይ እየ ዝዝክሮ።

. . . . እቲ ዝኸፍኤ ድማ ነቲ ግጥሚ ይቕይርዎ እሞ ከምዘይ ትደርፎ ይገብሩኻ። ኣብታ 'ናይ ውርደት ፈተና' ትብል ሓሙሽይቲ ካሴተይ፡ እቲ ወልዱ ዝበሃል ዝነበረ ሓላፊ ክፍሊ ሳንሱር፡ "ዓዲ ጓና ተሰዲድኪ" ትብል ሓረግ ምስ ረኸበ፡ ኣብታ ጐና "ብሰንኪ ሽፋቱ" ወሲኹላ። ኣነ ድማ ብሰንኪ እዛ ዝወሰኻ ሓረግ ንብምልእቲ እታ ዝፈትዋ ግጥሚ ጉሒፈያ። ጸኒሐ እውን፡ "ወርሒ ደሚቓ ጸሓይ በሪቓ" ኣብ እትብል ግጥመይ፡ "ሳላ ኢሕድሪ- 'ኢሰፓ' - ኣብዮት ጸሓይ በሪቓ" ኢሎም መሊኦምላ። ንዕኣ እውን ገድፈያ። ሽዕኡ እቲ ኣብ ክፍሊ ሰንሱር ዝነበረ ኣቶ ወልዱ፣ "ብዛዕባ ኣብዮት ክትደርፍ ዘይትደሊ እንተ'ኼንካ `ኣንድዮ በረሃ መሀድ ይሻላሃል' ማለትሲ ኣብኡን-ኣዲኡን-ዘፍለጠ በረኻ ምኻድ ይሕሸካ!" ኢሉኒ። ንእስነት ጥዑም እዩ፥ "ከምኡ ዝገብር እንተኾይነ እውን ንስኻ ኣይኮንካን ትነግረኒ!" ኢለዮ ከይደ - ነቲ ሓላፊ ናይ ሳንሱር። ኣነ መንእሰይ ከለኹ ፈሪሀ ኣይፈልጥን እየ ነይረ። ነቲ ሳንሱር ምሕላፍ እምበር ምስ ሓለፍካ ብዛዕባ ከጋጥመካ ዝኽእል ነገር ኣይትሓስብን ኢኻ። እንዳ ዓቤኻ ክትከይድ ከለኻ ግን ሓላፍነት ስድራን ገለን ስለ ዘሎ እዩ መስለኒ ፈራህ እናኾንካ ኢኻ ትኸይድ። ብሓፈሽኡ ግን ሳንሱር ቀሊል ኣይነበረን።

ሕቶ፤ እሞ 'ሳንሱር ሓሊፉ ኣላ ካሴትካ !'ምስ በሉኻ ድኣ ከመይ ተሰሚዑካ?

ታረቀ፤ መግለጺ የብሉን። እታ ሓጎስ እቲኣ ኖቤልኣብ ወደይ ምስ ተወልደ እያ ደጊማ ተመሊሳትኒ። እታ ካሴት በኹሪ ፈጠራይ፡ እቲ ወላደይ ድማ በኹሪ ዘርኢ-ብርከይ ክርኢ እንከለኹ ዝፈጠረለይ ባህታ ብቓላት እውን ዝግለጽ ኣይኮነን።

ሕቶ፤ ንምኧኑ ነዛ "ንሃገረይ ናፊቐያ" ትብል ደርፊ ምስ ደረፍካስ መንግስቱ ሃይለማርያም መልሓስካ ክቘርጸካ እየ ኢሉካ ነይሩ ይበሃል እዩ።

ታረቀ፤ እዚ ዘረባ ሰብ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ንባዕለይ እውን ሕጂ ካባኻትኩም እሰምዖ ኣለኹ። ብዛዕባ ሳንሱር ግን ከምዚ ክብለኩም ዝጸናሕኩ እዩ። ኩሉ ግዜ 'ኲናት' እዩ ነይሩ።

ሕቶ፤ ሳንሱር ኣብዚ ግዜ እዚኸ? ንኣብነት በረኸት መንግስትኣብ፡ "ከምዚ ናይ በዓል ካሕሳይ በርሀ 'ሰይሰይ' ዝብል ደርፊ - ክብርን ስነ-ምግባርን ዘይሓለዉ ደርፍታት ንኸይድረፉ ዝቋጻጸር ኣካል እምበር፡ ሳንሱር የለን ኣብ ኤርትራ" ኢሉና ነይሩ እሞ፥ ሓቂ ድዩ ከምኡ ጥራይ ድዩ ዘሎ?

ታረቀ፤ ኣለዉ እንዶ እቶም ዓንቀጻት ሓሙሽተ ድዮም ሽዱሽተ። ከምቲ ናይ ቀደም ክትብሎ ኣይትኽእልን እምበር ኣሎ። ኣቐዲምካ ነቲ ግጥምታት ናብ ክፍሊ ሳንሱር ተእትዎ፤ ዳሕራይ ድማ ነቲ ቅዳሕ ናይቲ ካሴት ተምጽእ ማለት እዩ። እቲ መስርሕ ሓደ እዩ። ቀደም ቃል ንቓሉ ናብ ኣምሓርኛ ክትርጉሞ የድሊየካ ነይሩ። ሎሚ ግን 'ኖርማል' ኢኻ ምስቶም ሰባት ትዘራረብ። ዘይተረድኦም እንተሎ ተረድኦም፥ ገለ ግዜ እውን ንሳቶም ካብቲ ዝሓሰብካዮ ንላዕሊ ዝሓሸ ሓሳብ ይህቡኻ እዮም እኮ። ንነኣሽቱ ምናልባት እምበር ንዓና ነዞም ገዳይም እኳ ዝጋንን ኣይኮነን። ዳርጋ ከምዚ ይሓይሽ ከምዚ እባ እናበልካ ኢኻ ትመያየጥሉ።

ሕቶ፤ “ብዙሓት ሬድዮታት ይከታተል እየ” ኢልካና ጸኒሕካ። ነዘን ሬድዮታት ግን ንዕቤት ሞያኻ ክሕግዛኻ ኢልካ ዲኻ ትከታተለን-ሲ ዋላ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ?

ታረቀ፤ ሓደ ክትፈልጥዎ ዘለኩም፡ ሞያይ ማዕረ ምስ ህይወተይ ክዳፋእ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን። ካልእ ህይወት ኣለኒ። ህይወት ከምዚ ትፈልጥዎ ሰፊሕ እዩ። ሙዚቃ እውን ብባህሪኡ ምስቲ ካልእ ማሕበራዊ ህይወት ተዛሚዱ ዝኸይድ እዩ። ካልኦት ተዛመድቲ ዓውድታት ኣለዉ ንዕኡ ዘሃብትሙልካ። ስለዝስ 24 ሰዓታት ኣብቲ ሙዚቃ ሕጊግ ክብል ኣይውዕልን እየ። ዘዕልሎም ሰባት እውን ዝበዝሕ ግዜ ሙዚቀኛታት ኣይኮኑን። ካልእ ዝሰፍሔ ህይወት ኣለኒ። ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ግዴታታት እሳተፍ እየ። ምንጪ ስራሓተይ ድማ ካብኡ እዩ። ስራሕካ ሙዚቃ ዕላልካ ሙዚቃ እንተኾይኑ ግን እቲ ካልእ ፍልጠትካ ይጸብብ እሞ ዋላ ነቲ ሞያኻ እውን ይድርቶን የጽብቦን እዩ። ንኣብነት ሓደ ሰብ መካኒክ ኮይኑ 24 ሰዓት ምስ ሓጺን ዘሕልፎ እንተኾይኑስ ሓጺን ኮይኑ ጥራይ እዩ ክተርፍ። ሙዚቃ እውን ከምኡ እዩ። ድሓር ሙዚቃ ንባዕሉ እውን ብሙድ ወይ ወኒ እዩ ዝኸይድ። ስለዚ ከምዚ ካልእ ናይ `ኦፊቾ` ስራሕ ገርካ ክትከዶ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሕቶ፤ ሕራይ 24 ሰዓታት-ሲ ኣይኹን እሞ ብሓፈሻሽ ንሞያኻ ከተዕቢ እንታይ ጻዕርታት ትገብር?

ታረቀ፤ ንሱ ድኣ ዝተፈላለየ ሙዚቃታት ትሰምዕ፤ ቅድታት ክትቀያይር እውን ትፍትን። ክትፈልጦ ዘለካ ግን፡ ሲዲ ኣብ ዘውጽኣሉ ግዜ ንኽልተ ወርሒ ዝኸውን 24 ሰዓታት ኣብ ገዛ ዝዕጸወሉ ግዜ እውን ኣለኒ እኮ። ምሸት ጥራይ ቁሩብ ‘ዎክ’ ገይረ ተናፈሰ እምለስ። ሽዑ ምሉእ ኣቓልቦይ ኣብ ሙዚቃ እየ ዝገብር። ክትፈልጥ ስራሕ ብፍረን ኣድማዕነትን እምበር ብብዝሒ ኣብ `ኦፊስ` ትጸንሓሉ ሰዓታት ኣይልካዕን እዩ። ገለ ሰባት እኮ ኣለዉ ዋላ ለይትን መዓልትን ኣብ ስራሕ ተጸምዶም ትርእዮም እሞ እቲ ስራሕ ድማ ፈጺሙ ክንድል ኣይትርእዮን። ስለዝስ ንስራሕ በቲ ንገብሮ ሃለኽ-ለኽን ነጥፍኦ ግዜን ዘይኮነስ በቲ እንሓፍሶ ፍረ ክንልክዖ ይግበኣና በሃላልይ እየ ኣነ። ኣብ ሙዚቃ ከኣ ከምቲ ዝበልክዎ ወኒ ስለዝኾነ፤ ምሉእ መዓልቲ ውዒልካ ዘይተፍርየሉ ግዜ ኣሎ፤ ኣብ ፍርቂ ሰዓት ዘይትመልእ ግዜ ከኣ ዜማታትን ግጥምን ትውድኣሉ ግዜ ኣሎ።

ሕቶ፤ ንምዃኑ ኣብ ከመይ ግዜ ኢኻ ዝያዳ ዜማ ኮነ ግጥሚ ክትደርስ ደስ ዝብለካ ወይ ዝብርሃካ - ሙድ ዝመጸካ እዋናት?

ታረቀ፤ ‘ኣርት’ ቈጸራ የብሉን። ሓደ-ሓደ ግዜ እሞ ምስ በዓልቲ ቤተይ ደቂሰ እንከለኹ እውን ዜማ ይመጸኒ እዩ። ሽዕኡ ቀስ ኢለ ካብ ‘ኮመዲኖ’ ‘ዎክ-ማን’ ቴብ ስሕበ ብፋጻ እመልኦ። ወይ ድማ ናብ ባኞ ኣትየ እመልኦ። ሓንሳብሲ ተጸሊሉ እኳ ትብለኒ ትኸውን ኢለ እሓስብ እየ። ትለምዶ ድኣ ትኸውን እምበር። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ፍልይ ብዝበለ ኣሎ። ምስ ሰብ እንተ ተሓራሪቐ ዝን እብል ምሽ፡ ሽዕኡ ድርሰት እመጸለይ። ዝበዝሕ ግዜ እቶም ዘቐየሙኒ ሰባት ብዛዕብኦም ዝሓስብን ዘስተንትንን ዘለኹ እዩ ዝመስሎም ዝኸውን። ኣነ ግን ብዛዕባ ሞያይ ማለት ዜማን ግጥምን እየ ዝሓስብ። ገለ ግዜ እውን ኣብዘይ ትጽበዮ ግዜ ዝመጸካ ኣሎ። ንኣብነት፡ “ዓለም ክራይ ገዛ” ትብል ደርፈይ ካብ 4 ኣስመራ ናብ ጐዳይፍ እናኸድኩ ኣብ ኣውተቡስ ከለኹ እየ ኣውጺኤያ።

ሕቶ፤ ንምኺኑ እንታይ እዩ “ዓለም ከራይ ገዛ” ዘበለካኸ? እታ ደርፊ እዝክራ እየ። ቁሩብ ኣስተንታኒት እያ። “ዓለመይ ዓለመይ መን ኣሎ ብኣኺ ዘይሓመመ? ኮንቱ ብዘይ ፍቕሪ ዘይብልኪ መኣዛ፥ ዓለም መራር ኢኺ ዓለም ከራይ ገዛ!” እትብል እንድያ ሓቀይ? ቀጺላ ድማ ገንዘብ ኣይትእመን ገለ ትብል።

ታረቀ፤ ስለ ዘጋጠመኒ ኣይኮነን። ሓፈሻዊ ኣምር ኣሎ እንድዩ፤ ከገርመካ ግን ምስ ወጸት ከምኡ ዓይነት ጸገም ኣጋጢሙኒ። እዛ ደርፊ ዘላታ ካሴት ክትወጽእን እቲ ዝዘርግሓ ዋና ሙዚቃ ቤት ክመውትን ሓደ ኾይኑ።

ሕቶ፤ ናይ ሞትን ደርፍን ኣስተብሂልካሉ ትፈልጥ ዶ፡ ታረቀ? ጸጋይ በራኺ ‘ሞት ርግምቲ’ ኢሉ ደርፉ - መይቱ፤ ተኽለ ተስፋዝጊ እውን ‘ሞት እዩ ስመይ’ ኢሉ ነይሩ፥ ባርያ እውን ኣብቲ ኣጋ ሞቱ . . . ናትካ ግን ዋና ሙዚቃ ቤት እዩ ሓሊፉልካ መስለኒ።

ታረቀ፤ ዝኾነ ምትእስሳር ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ብፍላይ ናይ ተኽለ ተስፋዝጊ ከኣ እሞ እቲ ደርፊ ዝጸንሐ እዩ። ጸኒሕና ጸኒሕና ከኣ ንሞት ንድረፍ ኣይንድረፍ ሙሟትና ዘይተርፍ እዩ። ናይ ጸጋይ በራኺ ግን፡ ምስ ሞተ ድሕሪ 7 ወርሒ ኣቢላ እያ እታ መሊእዋ ዝነበረ ካሴት ተዘርጊሓ። ስለዝስ ናይ ጸጋይ በራኺ እቲ ፍሉይነቱ ምስ ሞተ ‘ሞት ርግምቲ’ ዝብል ዘሎ ኮይኑ እዩ ተስሚዕዎ ንህዝቢ። እዚኣ ፍሉይነት ነይርዋ። እቲ ኣጋጣሚ ግን ኣብ ዝኾነ ሰብ እውን ክርኤ ይኽእል እንድዩ ምስቲ ‘ኣርት’ ክኸይድ እንከሎ ግን ዝያዳ ይዋዓዋዕ።

ሕቶ፤ ኣብ ግጥሚ ግን፡ እቶም ዝርእዩ ነቲ ዝርኣይዎ መልከዕ ‘ዓይናና፡ ኣፍንጭኣ፡ ጸጕራ’ ኢሎም ይገጥሙ። ኣብ ፍቕሪ እውን ብዘልማድ ናይ ዓይኒ-ፍቕሪ ንብሎ  ነገር ኣሎ። ኣብ ዓይነ-ስውራን ከ ናይ ‘እዝኒ-ፍቕሪ’ ክንብል ዶ ንኽእል ንኸውን?

ታረቀ፤ ዓይኒ ጥራይ እዩ ዝርኢ ዝብል እምነት የብለይን። ንኣብነት፡ ሆመር ዝተባህለ ዓቢ ግሪኻዊ በዓል ቅኒ ደራሲ፡ ዓይነ-ስውር እዩ ነይሩ። ግን ድማ ጽሑፋቱ ኣዚዮም ትኣመንቲ እዮም ነይሮም። ከመይ ኣቢሉ ርእይዎም ኢልና ክንሓትት ንኽእል ኢና። እንተኾነ ግን፡ እዚ ‘ፊስካላዊ’ ዓይኒ ጥራይ ዘይኮነ ሰብ ልቦናዊ ዓይኒ እውን ይውንን እዩ።

ብዛዕባ ፍቕሪ እተመጺእካ እውን ዓይነ-ስውራን እዮም ዝያዳ ብፍቕሪ ዝጥቅዑ። ፍቕሪ ማለት ምርኣይ ዘይኮነስ ምልምማድ ማለት ‘ኣዳብተሽን’ እዩ። ብዙሓት ዓይነ-ስውራን ድማ ደቀንስትዮ ክሕግዝኦም ኢለን ይቐርብኦም እሞ ብኡ ኣቢሎም ኣብ መጻወድያ ፍቕሪ ዝኣትዉ ኣለዉ። ሓያል ድማ እዩ።

ሕቶ፤ እሞ ንስኻ ኸ ኣብ ህይወትካ፡ ጽዒርካ ዘይተዓወትካሉን ብኣንጻሩ ኸኣ ከይጸዓርካ ዝሰለጠካን ፍቕሪ ኣሎ ዶ?

ታረቀ፤ ኣብተን ጽዒረ ዘይተዓወትኩለን ዝርዝር ክኣቱ ብዙሕ ዘድልየኒ ኣይመስለንን። ከይጸዓርኩ ዝተዓወትኩሉ ግን ናይ ሓዳረይ ኣሎ።

ሕቶ፤ ንምኺኑ ‘ኣርት’ እንታይ እዩ ንዓኻ?

ታረቀ፤ ኣብ 'ኣርት' እኳ ዝፍጠር ሓዲሽ ነገር የለን። ከምዚ ካብ ምስትያት ናብ ምስትያት እዩ። ስነ-ጥበባዊ ማለት ካብቲ ሕብረተሰብ ቀዲሑ፡ ናብቲ ሕብረተሰብ ብውሕልነት ጥበብ ዘገማድሕ ፍጡር እዩ። እቲ ተቐርበሉ ግን ነቲ ሕብረተሰብ ምስሉ ከም ዘለዎ ዘርእዮ ዘይኮነስ ብነቐፈታዊ ዓይኒ ወይ ድማ ብላግጺ ማለት 'ኮሚክ' ክኸውን ይኽእል። ጥበብን ጽባቐን ድማ እቲ ክስገር ዘይግብኦ ወሳኒ ጉዳይ እዩ። እቲ ሕመረት ነገሩ ከኣ ስነ-ጥበባዊ ተጐታቲ - ሪመርኪዮ ክኸውን የብሉን። ከም ርእሰ-ኩናት ኮይኑ ነቲ ሕብረተሰብ ንቕድሚት ክመርሕ ዘለዎ ፍጥረት እዩ። ንኣብነት፤ ሙዚቀኛ ንድምጽታት ኣቀናቢሩን ከሻሽኑን ንኣእዛንና ብዝምስጥ መንገዲ እዩ ዘቕርበልና። እቲ ሕብረተሰብ ድማ ዋላ ነቶም ባዕሉ ዝበሎም ነገራት ብጥበብ ኣመላኺዕካ እንተ ኣምጺእካሉ ተመሊሱ ይግረም። ይምስጥ እውን። ተሃኒኑ ድማ ይሰምዖም። ጥበብን ጥበበኛ ዝበሃል ድማ ኣብዚ እዩ። ሓዲሽ ነገር ከምጽእ እንተኾይኑ ግን፡ ኣብዚ ዓለም ዘየለ ነገር ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ከምጽእ ኣለዎ። ከምዚ ክገብር ዝኽእል ድማ ዘሎ ኣይመስለንን።

ሕቶ፤ ንሕና ደርፍታትካ ንሰምዕ። ንስኻኸ ትሰምዖም ዶ?

ታረቀ፤ ኣነ ንደርፍታተይ ክሳብ ኣብ እስትድዮ ዝኣትዉ ደጋጊመ እየ ዝሰምዖም። ምኽንያቱ ምምሕያሽ መወዳእታ የብሉን። ሓንሳብ ናብ ሓፋሽ ምስ ተዘርግሑ ግን ብዙሕ ኣይሰምዖምን እየ። ሽዑኡ ህዝቢ ሰሚዑ ርእይትኡ ክህበኒ እየ ዝጽበ።

ሕቶ፤ ኣጠማምታ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ኣካለ-ጉድኣን ዝበዝሕ ግዜ ኣሉታዊ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ጋዜጠኛ ቴድሮስ ማሪቆስን ተስፌን ሬድዮ ነጸብራቕ ኢሎም ዝጀማመርዎ ስራሕ ነይሩ። ንስኻኸ ብሞያኻ ነቲ ኩነታት ክትቅዩር ትጽዕር ዶ?

ታረቀ፤ ዓቕመይ ብዝፈቐዶ እጽዕር እየ። ሓቂ ይሓይሽ፥ ስነ-ጥበብ ንዓይ ስንክልናይ ኣረሲዑኒ እዩ። ኣነ ብሓይሊ ኣምላኽ ቀልጢፈ እየ ተቐቢለዮ ነዚ ስንክልናይ። ንነብሰይ ባዕለይ ስለ ዘየስተናዓቕኩ ድማ ማንም ሰብ ከስተናዕቐኒ ኣይክእልን እዩ። ኣነ እንተ ተቐብለዮ ነቲ ኣሉታዊ ኣጠማምታ ሕብረተሰብ ክምክቶ ኣይጽግመንን እዩ - ንዓይ። እቲ ሕብረተሰብ ኣይቅበለንን እዩ ኢልካ ብርእሰ-ምትሓት እንተ ተጠቕዕካ፤ እቲ ጸገም፡ እቲ ሕብረተሰብ ዘይኮነስ፡ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ። እንተድኣ ተኾርሚኻ ትልምን ኴንካ ድኣ ዋላ ምስ ምሉእ ኣካላትካስ ከስተናዕቐካ ይኽእል እንድዩ - ግዲ።

ሕቶ፤ ግጥሚ ሂብካ ወይ ተቐቢልካ ትፈልጥ ዶ?

ታረቀ፤ እወ። 4 ግጥምታት ሂበ ኣለኹ። ክልተ ድማ ተቐቢለ። ድሕሪ ሕጂ ግን ብዕድመ ንኣሽቱ ደረፍቲ ኣሰልጢነ ከዕቢ ሓሳብ ኣለኒ። ተጻዋታይ ኲዕሶ እውን ትጽውት ነይሩ ናብ 'ኮች' እዩ ዝኣቱ። ኣነ እውን ብተመሳሳሊ። ኣነ ኣብ 'ቲም ዎርክ' ማለት ሓባራዊ-ስራሕ እየ ዝኣምን። እዚ ማለት ግን ከምቲ ብዘልማድ ንብሎ 2 ርእሲ ካብ ሓደ ርእሲ ስለ ዝሓይሽ ጥራይ ኣይኮነን። ካብ ክልተ ዘይሰርሑ ኣራእስ ሓደ ዝድምዕ ርእሲ ይበልጽ። ብማዕረ ሚዛን ኣብ እንሰርሓሉ ግን፡ ብሓባር ምስራሕ ዝመስልዎ የለን።

ሕቶ፤ ታረቀ፡ ኣብ መንጎ ቀዳሞት ደረፍትን እዞም ሓደሽትን ሓደ መሰጋገሪ ድልድል ኢኻ። ንኽልቲኡ ወገን ብኸመይ ትግምግሞ?

ታረቀ፤ ክትግምግም እንተኼንካ ነዊሕ ግዜ የድልየካ። ብሓፈሻ ግን ጸገማት ኣሎ። እቶም ንኣሽቱ ነቲ ናይ ቀደም ብዙሕ ኣይውክስዎን ዘለዉ። እቶም ናይ ቀደም እውን እንተኾኑ ነዞም ጀመርቲ ይርድእዎም የለዉን ምባል ይቐልል። ስለዚ ሓደ ናይ ሓባር ባይታ ከድልየና እዩ። ብሓፈሻ ግን እቲ ኩነታት ጽቡቕ ዝኸይድ ዘሎ እመስለኒ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓሰርተ ዓመት ዘይመልእ ግዜ ሓደስትን ኣድማዕትን ደረፍቲ ይፈርዩ ኣለዉ። እዚ ድማ መዐቀኒ ጥዕና ናይዚ ዓውዲ ስነ-ጥበብ እዩ።

ሕቶ፤ ብዓይኒ ቁጠባ እንተ ረኤናዮ'ሞ፡ ኣብ ኤርትራ ደራፋይ ዕዉት ዶ?

ታረቀ፤ ብኸመይን ብምንታይን ኢና እሞ ክንልክዖ? ምስ መን ኣዋዳዲርና ኢናኸ ክንርእዮ ነቲ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን? ምስ ናይ ደገ ደረፍቲ እንተ ርኢናዮ፥ ዕዉት እዩ ክትብሎ ኣይትኽእልን። ምስቲ ሓፈሻዊ ህዝቢ እንተርኢኻዮ ድማ ዝሓሸ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ትሕዝቶ ናይቲ ሕብረተሰብ ድማ ንትሕዝቶ ናይቲ ስነ-ጥበባዊ ይውስኖ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ሕብረተሰብ እዩ ከፋሊ ዶሞዙ። ስለዚ ምንቁልቋል ትሕዝቶ ናይቲ ሕብረተሰብ ነቲ ስነ-ጥበባዊ ብቐጥታ ይጸልዎ እዩ እብል ኣነ።

ሕቶ፤ እቲ ሓቂ ከምዚ እናኾነ ግን ገለ ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ልዕሊ እቲ 'ከፋል ዶሞዞም እዩ' ዝበልካዮ ሕብረተሰብ ትዕቢት ዘርእዩ ኣለዉ። ጉዳይ መስተ እውን ኣሎ። ስለዝስ እንታይ ትብል?

ታረቀ፤ እዚ እሞ ፈጺሙ ኣንፈቱ ዝሰሓተ እንድዩ ዘረባ የብሉን። እንታይ ድዩ መስልኩም፡ እቲ ስነ-ጥበባዊ ነታ መድረኽ ከም ቤት ጽሕፈቱ ክርእያ ኣለዎ። እቶም ካልኦት ክዘናግዑ ማለት ክስዕስዑን ክሰትዩን እዮም መጺኦም ዘለዉ። ንሱ ግን ኣብ ስርሑ እዩ ዘሎ። ስለዝስ ኣብ ስርሑ ከበላሹ የብሉን፤ ንሳቶም ሰትዮም ኢሉ ክሰትን ስርሑ ክጽይቕን ኣይግብኦን። ምስ ከፋል ዶሞዙ እውን ክበኣስ የብሉን ምበልኩ።

ሕቶ፤ ታረቀ እኳ መስተ ትሰቲ ኣይመስለናን። ወይ ድማ ዓቕንካ ኢኻ ትሰቲ ትኸውን?

ታረቀ፤ ብዛዕባ መስተ ዲኹም ትሓቱኒ ዘለኹም-ሲ ብዛዕባ 'ሽሮፖ'? 'ሽሮፖ' ጥራይ እዩ ዝዕቀን እምበር ኣብ መስተ ዶ ዓቐን ኣሎ እዩ። እዚ ማለት ግን ክሳብ ትስነፍን ትህሰን ውራይካ ትጽይቕን ስተ ዝብል ሓሳብ እውን የብለይን። ኣብ ናይ ምዝንጋዕ ኢጋጣሚ ምስ ዓርከ-ምሓዛ እሰቲ እየ። ሰትየ ግን ስረሒይ ጸይቐ ኣይፈልጥን። ኣብ ስረሐይ ወትሩ ግዜ ዕቱብ እየ።

ሕቶ፤ ካብዚ ተዕልለና ዘለኻ ታሪኽ-ህይወትካ ኣንበብቲ እንታይ ክመሃሩ ይኽእሉ ኢልካ ተሓስብ?

ታረቀ፤ ንኣንበብቲ እዚኤን ጥራይ ኢኹም ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢለ ክድርቶም ኣይደልን። የግዳስ፡ ወዲ 12 ዓመት እንከለኹ እየ ብናይ ፈንጂ ሓደጋ ብርሃን ኣዒንተይ ስኢነ። ተስፋ ከይቁረጽኩ ግን ንኣስታት 30 ዓመታት ኣብ ስነ-ጥበብ ዓለም መሪሸ። ልዕሊ ደርዘን ዝኸውን ካሴታት ድማ ናብ ህዝቢ ኣቕሪበ። እቲ ካብዚ ክንመሃሮ እንኽእል ዝዓበየ ትምህርቲ፤ ሓደ ወዲ 12 ዓመት ቈልዓ እኳ፡ ምስ ኩሉ ጸገማቱ፤ ካብ ዜሮ ተበጊሱ ናብዚ ደረጃ እዚ ዝበጽሔስ፤ ንሕና እቶም ሰብ ምሉእ ዓይነ-ብርክን ዕድላትን ድኣ እሞ ክንደይ ክነድምዕ ይግበኣና?! እዚኣ እታ ቀንዲ ካልኦት ክርድእዋ ዘለዎም እያ።

ሕቶ፤ እስከ በል ቅድሚ ምፍናውና ኣብ ሞያኻ ገጢሞምኻ ካብ ዝፈልጡ ዘገረሙኻ ነገራት ሓንቲ ኣዕልለና።

ታረቀ፤ ሕብረተሰብና ኣብ ስንክልና ዘለዎ ኣጠማምታ መቸስ ጌና ከምዘይጸረየ ርዱእ እዩ። ብኽራረይ ገይረ፥ ‘ሹ. . .ሽ!’ እና ኣበልክዎም እንከለኹ፡ ኣብ መንገ ሳዕስዒት ‘ወይልኻ ዕዉር!’ ክብሉ ክሰምዖም እንከለኹ፤ “‘ከቋርጾ ደሞ ኸኣ!’ ዝብለሉ ግዜ ኣለኒ. . .” - ናይ ሓባር ሰሓቕ!

እሞ ይቕንየልና ድምጻዊ ታረቀ ተስፋሂወት!

ኣነ እምበር ክብረት ይሃበለይ!

ቃለ-መጠይቕ፤ ብሳባ ኪዳነን ደሳለ በረኸትን